
# ሓሙሽተ ንጥፈታት ኣንባቢ ንምዕባይ

ንቅድመትምህርቲ ተመሃሮን ንስድራቤቶምን ዝኸውን ናይ
ብኣግኡ መምሃሪ ንጥፈታት

## ኣብ ውሽጢ እንታይ ኣሎ


5 ንጥፈታት ኣንባቢ ንምዕባይ

- ተዛረብ
- ድረፍ
- ኣንብብ
- ተጻወት
- ጸሓፍ



መቑሹሽ ሳይንስ
ናይ ፊደል ካርድታት
ናይ እንስሳ ካርድታት





# ሓሙሽተ ንጥፈታት ኣንባቢ ንምዕባይ

1. ተዛረብ:

   ምዝራብ ቋንቋን ማህደረ ቃላትን የዕቢ

2. ድረፍ:

   ምድራፍ ንቆልዑት ዝተፈላለዩ ዓይነት ድምጽታት ንኽሰምዑ የኽእሎም

3. ኣንብብ:

   ኣብቲ መጻሕፍቲ ዘለዉ ስእልታት ብምጥቃም ምንባብን ዛንታታት ምንጋር ምልምማድ

4. ተጻወት

   ምጽዋት ናይ ውላድካ መዓልታዊ ተግባር ኣካል ክኸውን ይግባእ

5. ጸሓፍ:

   ብምጽሕጋርን ብምስኣልን ጽዋዳታትካ ህነጽ

# ኣብ ገዛ ብሓባር ተዛረብ

ምዝራብ፣ ንነገራት ምስያም፣ ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ገዛ ቋንቋ ቃላት ምጥቃም ናይ ውላድካ ማህደረቃላት ኣብ ምህናጽ ይሕግዝ። ኣዝዩ ብዙሕ ቃላት ብዝሰምዐ ቁጽሪ፣ ማህደ ቃላቱ ሰፊሕ ይኸውን፣ ከምኡ ውን ምንባብ ኣብ ዝጅምሩሉ እዋን ናይቶም ቃላት ድምጺ ንምውጻእ ኣዝዩ ቀሊል ይኾነሎም።

## እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:

ሓንሳብ-ሓንሳብ ነዊሕ፣ ነዊሕ፣ ነዊሕ ክበጽሕ እኽእል   ክኸውን
(የእዳወካ ካብ ርእሰይ ንላዕሊ  ዘርጊሐ)

ሓንሳብ-ሓንሳብ  ንእሽተይ፣ ንእሽተይ፣ ንእሽተይ ክኸውን እጥቕለል
(ጉምብሕ ኢለ ኣካላተይ ጠቕሊለ ልክዕ ከም ኩዕሶ ኮይነ)

ሓንሳብ-ሓንሳብ ክቕበል እኽእል - ምናተይ ዘርጊሐ
(ተስእ እሞ ምናትካ የዐሪኻ ዘርግሓዮም)

ሓንሳብ-ሓንሳብ ነው ነጀው እንኖ
(ምናተይን ኣካለይን ነው ነጀው እነንዎም)

ሓንሳብ-ሓንሳብ ዝል ኢለ ንሰማይ እትንክፎ
(የእዳውካ ካብ ርእሲ ንላዕሊ ጌርካ ዝለል)

ብድሕሪኡ ናብ መሬት ጸምበለል እንዳበልኩ ናብ መሬት እምለስን ሉፍ እብልን
(ኣጻብዕትኻ ንታሕቲ ናብ አጻብዕቲ እግሪ ብምውሳድ ኮፍ በል)

## ብሓባር ምዝራብ:

ምስ ውላድካ ንእግሪ ጉዕዞ ውጽኡ (ኣብ ደገ ይኹን ካብ ገዛ ወጻኢ) ብዛዕባ ትርእዮ፣ ዝስመዓካ፣ ዝሸተተካ፣ ዘስተማቐርካዮን ዝሰማዕካዮን ተዛረብ። ዝተፋላለዩ ቅርጽታትን ሕብርታትን ኣርእዮ። ብዛዕባ ምፍቃድ ነገራት ጸዋታ ፍጠር።

ምግቢ ኣብ እትሰርሓሉ እዋን፣ ብዛዕባ ነፍሲወከፍ ከይዲ ተዛረብ። እቶም ዝተፋላለዩ ቅመማ ት እንታይ ዓነት ስምዒት፣ መልክዕን ሽታን ከምዘለዎም ግለጽ። ብዛዕባ እቲ ትሰርሖ ዘለካ ምግቢ ዘለካ ስምዒታት ወይ ድማ መዘከርታታት ኣካፍል።

ኣብ እዋን ምድቃስ፣ ሓድሽ ዛንታ ፍጠር ወይ ድማ ብዛዕባ ኣብታ መዓልቲ ንስኻን ውላድካን ዝገበርክሞ ነገራት ተዛረብ።



## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:

ካብቲ ናይ እንስሳ ካርድታት ሓደ እንስሳ ምረጽ፣ ግን ንውላድካ ኣይተርእዮ። እቲ እንስሳ እንታይ ከምዝመስል ግለጽ ከምኡ ውን ነቲ እትህቦ መግለጺ ክስእልዎ ንገሮም። ብዛዕባ እቲ እንስሳ ብሃባር ኮይንኩም ዛንታ ፍጠሩ።

# ኣብ ገዛ ብሓባር ድረፍ

ምድራፍ ንቛንቋ ዝሕል የብሎ ስለዚ ህጻናት ነቶም ኣብ ቃላት ዘለዉ ነኣሽቱ ድምጽታት ክሰምዎም ይኽእሉ። እዚ ድማ ብዝተፈላለዩ ድምጽታት ጌሮም ክጻወቱን ሓደሽቲ ቃላት ክመሃሩን ይሕግዞም።

## እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:


(እዚ ምስ እግሪተኽሊ ወይድማ ምስ ቅድመ ትምህርቲ ታማሃራይ ትገብሮ እንተሊካ ብሓባር ጠጠው በል። ብተወሳኺ ነዚ ምስ ህጻውንቲ ውን ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ፣ ኣብ እግርኻ ኮፍ ኣቢልካ ናባኻ እናጠመቱ ይኹን፣ ወይ ድማ ነቲ ኣካላቶም ሒዝካ ብምንቅስቓስ ክኸውን ይኽእል)


ርእሲ፣ መንኮብ፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን

ርእሲ፣ መንኮብ፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን

ኣዒንትን ኣእዛንን ኣፍን ኣፍንጫን

ርእሲ፣ መንኮብ፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን፣ ብርክን ናይ እግሪ ኣጻብዕትን!






## ብሓባር ምድራፍ:

ኣብ ዓልታዊ ንጥፈታትካ ንእግሪ ተኸሊ ወይ ንህጻንካ ድረፈሉ፣ ከም ዳይፐር ኣብ እትቕይረሉ፣ ኣብ እትምግበሉን ኣብ ሞንጎ እዞም ንጥፈታትን። እንተኺኢልካ ምስቲ ህርመት ዝለል!

እቶም ባህ ዝብሉኻ ደርፍታት በብተራ ምክፋል ።

ከም ስድራቤት ደርፊ ክትፈጥሩ ትኽእሉ ዶ? እንተደሊኹም ቀሊል ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡ ውን ሓቀኛ ቃላት ውን ምጥቃም ኣይከድልየኩምን ይኽእል ይኸውን።



## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:

ነቲ ናይ ፊደል ካርድታት ብምጥቃም፣ ABC ደርፊ ምድራፍ፣ እናደረፍካዮ እናሃለኻ ነታ እትጽውዓ ፊደል እንዳመልከትካ።

# ኣብ ገዛ ብሓባር ኣንብብ

ብሓባር ኩሉ መልዓቲ ምንባብ ህጻውንቲ ንምንባብ ክዳለዉ ማእንታን ክሕግዞም ዝኽእል ኣዝዩ ኣገዳሲ ንጥፈት እዩ። ጎኒጎኒ ምስ ምንባብ መጻሕፍቲ፣ በብመልቱ ኣብ እትገብሮም ንጥፈታት ዘለዉ ቃላት ምምልካትን ምንባብን። ሕጻውንቲ ነቲ ኣብ ከባቢኦ ዘሎ ነገራት ክስተውዕሉሉ ይሕግዞም።

## እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:

ንሕና ናብ ቤት ንባብ (ላይብሬሪ) ንኻይድ ኣለና
(ብመስርዕ ገስግስ)

መጻህፍቲ ንምሕራይ
(ብኽልተ ኢድካ መጽሓፍ ትመርጽ ከምዘለኻ ማይም ግበር)

ንውሽጢ ቼክ ግበርኦም
(ክልተ ኢድካ ንቕድሚት ኣመልክት)

ንደገ ቼክ ግበሮም!
(ዓባይ-ዓባይቶኻ ንላዕሊ ብምግባር ምልክት ግበር፣ ካብ መንኮብካ ንላዕሊ)

ነቲ ነቲ መዝገበ ቃላት (ዲክሽነሪ) ሰላም ክንብለ ንኸይድ ኣለና
(ብኢድካ ሄሎ በል)

መጻሓፍቲ ንምሕራይ
ንውሽጢ ቼክ ግበርኦም
ንደገ ቼክ ግበሮም!

spl.org

## ብሓባር ምንባብ:

ጋዜጣ ወይ መጽሔት ምስ ውላድካ ኣንብብ፣ ከም ናይ ውላድካ ስም ናይ መጀመርታ ፊደሎም ሓደ ዓይነት ዝኾነ ቃላይ እኽብብ።

ኩሉ ነገርን ዝኾነ ነገርን ኣንብብ:

- ድራር ኣብ እትሰርሓሉ እዋን ረሲፒ (ቅዋመ መግቢ) ትጥቀም እንተኾንካ፣ ኣብ ነፍሲወከፍ ደረጃ ንውላድካ ዓው ኢልካ ኣንብበሉ።
- መግቢ ንኽትሰርሕ ቅመማቕመም ምስ ኣዳለኻ፣ ነቲ ጽሑፍ ንውላድካ ዓው ኢልካ ኣንብበሉ። እቲ ዘስተብሃልዎ ፊደል ከመልከቱ ውን ይኽእሉ እዮም!
- ኣብ ናይ ጎደና ምልክታት ዝርከቡ ቃላት ኣመልክት።

መጽሓፍ ከተንብብ ከለኻ፣ እቶም ህጻውንቲ ተንብቦ ዘለኻ ነቶም ፊደላት እምበር ነቲ ስእሊ ከምዘይኮነ ንኽርድኦም፣ ነቶም ቃላት ምልክት እንዳገበርካ ኣንብብ። እዚ እቲ እትጥቀመሉ ቋንቋ ናበይ ኣንፈት ከምዝንበብ ንምርዳእ ውን ይሕግዞም እዩ (ንኣብነት፣ ኢንግሊሽ ካብ ጸጋም ንየማን ይንበብ)

## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:

ቅርጽታት ናይ ፊደላት ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ደገ ድለይ። ነቶም ናይ ፊደል ካርድታት ኣብጽኣዮም ናይቶም ፊደላት ቅርጺ ዝመስል ነገር ኣብ ገዛኻን ኣብ ጎሮቤትካን ድለይ። ምስ ረኸብካዮም ስመዮም። ንኣብነት፣ "Y" ዝመስል ዕንጨይቲ ድለይ፣ "O" ቅርጺ ዘለዎ ብራስሌት፣ ወይ ድማ "S" ቅርጺ ክሰርሕ ዝኽእል ናይ ጫማ ላቺ።



# ኣብ ገዛ ብሓባር ተጻወት

ብሓባር ምጽዋት ህጻውንቲ ርእሶም ክገልጹ ይሕግዞም ከምኡውን ሓሳባት ኣብ ግብርን ብቓላትን ክገልጽዎም የኽእሎም። ጸወታ ህጻውንቲ ኣብ ዘረባን ኣብ ጽሑፍን ንጥቀመሎም ቃላት ናይ ብሓቂ ንነገራትን ንተሞክሮታትን ከምዝውክሉ ንምርዳእ ይሕግዞም።

## እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:

የእዳው ንላዕሊ፣ ወዝወዝ ወዝወዝ ወዝወዝ
(የእዳው ካብ ርእሲ ንላዕሊ ምግባር፣ የእዳው ወዝወዝ)

የእዳው ንታሕቲ፣ ወዝወዝ ወዝወዝ ወዝወዝ
(የእዳው ካብ ብርኪ ንታሕቲ ምግባር፣ የእዳው ወዝወዝ)

ተሽከርከር፣ ወዝወዝ ወዝወዝ ወዝወዝ
(ኣካልካ ኣዙር፣ የእዳው ወዝወዝ)

ንመሬት ተንከፍ፣ ወዝወዝ ወዝወዝ ወዝወዝ
(ንመሬት ምትንካፍ፣ የእዳው ወዝወዝ)

## ብሓባር ምጽዋት:


ነቲ ጸዋታ ተጻወት ኣይ ስፓይ ሕብርታት ብምጥቃም። በል፣ "ኣይ ስፓይ፣ በዛ ንእሽተይ ዓይነይ፣ ቢጫ ዝኾነ ነገር። እነ ክርእዮ ዝኽእል ቢጫ ዝኾነ እንታይ ትርእይ ኣለኻ

ተጻወት ኣይ ስፓይ  ፊደላት ብምጥቃም። ንኣብነት፣ "ኣይ ስፓይ፣ በዛ ንእሽተይ ዓይነይ፣ መጀመርታ ፊደሉ "B" ዝኾነ ነገር። እነ ክርእዮ ዝኽእል መጀመርታ ፊደሉ "B" ዝኾነ ነገር እንታይ ትርእይ ኣለካ፤"

ናይ ምንቃጽ ሳዕዒትግበር ። ናይ ትፈትዎ ደርፊ ሳዕስዕ። ነቲ ሙዚቃ ጠጠው ኣብ እተብለሉ እዋን፣ ኩሎም ሳዕሳኦቲ ምንቅስቓስ ጠጠው የብሉ ከምኡውን እቲ ሙዚቃ ክሳብ ዝጅምር ኣብታ ዘለውዋ ይነቕጹ።

ንስኻን የዕሩኽትኻን እንዳተጻወትኩም ከለኹም ዘርኢ ስእሊ ሰኣል። እየኖት የዕሩኽትኻ ትናፍቖም? እንደገና ምስ ተራኺብኩም እንታይ ክትገብሩ ትደሊ፤ ካብ የዕሩኽትኻ ንሓዲኦም ብቴሌፎን ደውለሎም ከምኡውን ብዛዕብኡ ንገሮም።

## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:



ውላድካ ካብቲ ናይ እንስሳ ካርድታት ንኽመርጽ ግበሮ። ንውላድካ ብዛዕባ እቲ እንስሳ ዛንታ እንዳነገርካዮ እቲ እንስሳ ከምዝኾነ ንኽምስል ሕተቶ። ከምቲ እንስሳ ተንቀሳቐስ፣ ከምቲ ናይቲ እንስሳ  ድምጺ ግበር፣ ነቲ ዛንታ ተዋስኣዮ።

ነቶም ናይ ፊደል ካርድታት ብምጥቃም፣ ዝተፈላለዩ ፊደላት ኣብ ውሽጢ ገዛ ኣቕምጥ። ብድሕሪኡ ካብተን ፊደላት ንሓዲኤን ጸዎየን፣ ብድሕሪኡ ንውላድካ ናብኣ ንኽዘልል ኣበረታትዓዮ።

## ኣብ ገዛ ብሓባር ጸሓፍ

ነቶም ክረዮናትን ነቶም ዝተጫሕገሩ ብምሓዝ፣ ፊደላትን ቃላትን፣ ህጻውንቲ ናይ ምጽሓፍ ክእለቶም ካብ ክልተ ዓመቶም ኣትሒዞም ክጅምሩ ይኽእሉ። ምጭሕጋር ውላድካ ምጽሓፍን ምንባብን ንኽመሃር ይሕግዞ!

### እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:

ከም ገረብ ነዊሕ፣ ክሳብ ክንደይ ነዊሕ ክትከውን ትኽእል፧
(ውጥር ኢልካ ጠጠው ምባል ከምኡ ውን የእዳው ናብ ናሕሲ ንላዕሊ ምግባር)

ከም ገዛ ገፊሕ፣ ክሳብ ክንደይ ገፊሕ ክትከውን ትኽእል፧
(የእዳውን የእጋርን ማዕዶ ንማዕዶ ብምግባር ምዝርጋሕ)

ከም መርፍእ ቀጢን፣ ክሳብ ክንደይ ቀጢን ክትከውን ትኽእል፧
(ቀጥ ኢልካ ጠጠው ምባል፣ ኣጻብዕቲ ናብ መሬት ብምምልካት)

ከም ኣንጭዋ ንእሽተይ፣ ክሳብ ክንደይ ንእሽተይ ክትከውን ትኽእል፧
(ናብ ንእሽተይ ኲዕሶ ፍሑኽ በል)


ነዊሕ ከም ገረብ፣ ሰፊሕ ከም ገዛ፣ ቀጢን ከም መርፍእ፣ ንእሽተይ ከም ኣንጭዋ
(ነፍሲ ወከፍ ምዝርጋሕ ክሳብ ዝደለኻዮ ጊዜ ደጋግምም!)

## ብሓባር ምጽሓፍ:

ነቶም ክረዮናትን ወረቐትን ኣብ ገዛ ኣቐምጦም፣ ውላድካ ምጭሕጋር ክለማመድ ማእንታን። ክረዮናትን መጫሕገርን ምሓዝ ሓደ መዓልቲ ውላድካ ዝጽሕፈሉ እዋን ከማዕብል ዝኽእል ናይ መጀመርታ ደረጃ እዩ!

ውላድካ ቅርጽታት ከስተብህሉ ሓግዞ። ብሓባር ቅርጽታት ምስኣል ተለማመዱ፣ ወይ ኣብ መጻሕፍቲ ዘለዉ ብምምልካት። ህጻናት ንፊደላት መጀመሪያ ከም ቅርጽታት እዮም ዝሓስብዎም።

ንውላድካ ስሙ ንኽጽሕፍ ኣለማምዶ። ብዛዕባ ናይ ስሞም ኣመጻጽኣ ዛንታ ንገሮም። ከም ናይ ስሞም ናይ መጀምርታ ፊደሉ ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ካልኦት ቃላት ውን ኣመልክት።



## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:

ንውላድካ ካብቲ ናይ ፊደል ካርድታት ናይ ስሙ ፊደላት ንኽልዕል ሓግዞ። ስሙ በታ ናቶም ስም ፊደል ዝጅምር እንስሳ ሕሰብ፣ ከምኡ ውን ብዛዕባ እቲ እንስሳ ዛንታ ንኽፈጥሩ ሓግዞም። ነቲ ዛንታ ኣብ ንጹህ ወረቐት ብክረዮናት ምሳኻ ኮይኖም ንኽጽሕፉ/ንኽጭሕግሩ፣ ከምኡ ውን ስእሊ ንኽስእሉ ሓግዞም። ምስ ወዳእካ ነቲ ታሪኽ መሊስካ ኣንብበሎም። ወይ ነቲ ታሪኽ ንዓኻ ንኸንብቡልካ ፍቐደሎም!

# ሳይንስ ኣብ ገዛ ብሓባር

ደቅኻ ኣብ ከባቢኦም ዝግበር ኩሉ ነገር ትርጉም ዝህቦም ብዛዕባ እቲ ቃል ሕቶታት ብምሕታትን ትዕዝብት ብምግባርን እዩ። ብሃባር ኮንኩም እትርእይዎን ዝስመዓኩምን ንምግላጽ ጊኤ ውሰድ፣ ከምኡ ውን ኣወዳድር ወይ እቶም ፍልልያት ኣመልክት። ንኣሽቱ ቆልዑት ኩሉ ጊዜ ብዛዕባ ኩሉ ነገር ህንጡያት እዮም፥ ንሳቶም ብተፈጥሮ ሳይንቲስት እዮም!

## እስከ ብሓንሳብ ንጓዓዝ:

[ተሲእካ ምስቲ ህርመት ሳዕስዕ]

ዙም፣ ዙም፣ ዙም፣ ንሕና ናብ ወርሒ ንኻይድ ኣለና።


ዙም፣ ዙም፣ ዙም፣ ንሕና ኣብ ቀረባ እዋን ንኻይድ ኣለና።

ክትገይሽ ትደሊ እንተኾንካ፣ ናብዚ ናተይ ናይ ህዋ ሮኬት እቶ።

ዙም፣ ዙም፣ ዙም፣ ንሕና ናብ ወርሒ ንኻይድ ኣለና።

5, 4, 3, 2, 1... ምውንጫፍ!

[ቀስ ኢልካ በጻብዕትኻ ፈቚድካ ድሕሪኡ ዝለል!]



spl.org

## ሳይንስ ብሓባር

ኣብ ውሽቲ ገዛ (ወ ኣብ ደገ) ዕንደራ ውጹ ከኡ ውን ንተመሳሳሊ ነገራት ተመልከቱ: ነኣሽቱ ዝኾኑ ነገራት፣ ቀጠልያ ዝኾኑ ነገራት፣ ሉስሉሳት ዝኾኑ ነገራት፣ ከምኡ ውን ዝኾነ ክትሓስቦ እትኽእል ካልእ ነገር!

ብሓባር እትበልዕዎም ምግብታት ብምጥቃም ፈተና ኣዳሉ። ዓይንኻ ብምዕማት ናይ ነፍሲ ወከፍ ኩላሶ ዝስምዐካ ዘሎ መቐረት፣ሽታን እልመት ብምጥዓም ግለጽ።

ንሽግራት ኣብ ሂወትካ ብኸመይ ከም ዝሓለፍኻዮም ወይ ከዓ ከም ዝፈታሕካዮም ዝገልጽ ዛንታ ኣካፍል። ወይ ድማ ብሃንቀውታ እትፅበዮ ዝነበርካ ምስ ኣጋጠመካ ፅቡቕ ጌርካ ዝተረዳእካዮ ነገር ግለጽ።

ኣብ ገዛኻ ዘሎ ወይ ካብ ገዛኻ ወፃኢ ዘሎ ዝኾነ ዝረኣኻዮ ነገር ስእሊ ሰኣል። ብዛዕባ ውላድካ ካብ ሂወት ክስእሎ ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ዝቐሰሞ ዝርዝር ነገራት ተዛረብ።

## ናይ ንጥፈታት ካርዲ ዋዛ:

ነቲ ናይ እንስሳ ካርድታት ብምጥቃም፣ ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት ንምስራዕ ምስ ውላድካ ስራሕ። ኣየኖት እንስሳታት እዮም ቢጫ ሕብሪ ዘለዎም? ኣየኖት እንስሳታት እዮም ኣርባዕተ እግሪ ዘለዎም? ዝደለኻዮ ኦኣይነት ምድባት ፍጠር!



Proudly sponsored by

The Seattle Public Library Foundation

www.SupportSPL.org